# <u>ገመል ኤርትራ።</u>

-ገመል ኤርትራ ዓቃል ብባህሪ፣
ነዊሕ ቁመቱ ምሩቕ ብፈጣሪ፣
እሙን እንስሳ ዘይጠልም ሕድሪ፣
ሃገረይ ታዓዲላ ንስኻ ኣብኣ ክትፈሪ።
- ትሕትና ዝመልኦ ትኩር ሕያዋይ፣
ሓለንጋይ ክሳዱ ርሑቕ ኣማዕደዋይ፣
ጥምየት ይኹን ጽምኢ ንኹሉ ጸዋራይ፣
እሙን ብጻይ ዓርኪ ተጋዳላይ።
- እቶም ተጋድሎ ኢሎሙኻ መርከብ ሰውራ፣
ኣብቲ ጽንኩር ግዜ፡ ግዜ ናይ መከራ፣
ስራሕካ ተሳልጥ ተራ ብተራ፣
ጽዕነት ተብጽሕ ኣብ ዝተደለ ስፍራ።
- ህዱእ ስጉምቲ ዘይብሉ ድምጺ፣
ደሃይካ ምቁር ኣዝዩ ተመራጺ፥
ኹርኳሕን ልሙጽን ኣዔሪኻ ትጸጺ፣
መታንን ክጥዕም ንእግሪ መርገጺ።
- ጸላኢ ንዓኻ ክሃድን እጽበ ኣብ ቅርዓት፣
ጽንኩር ቦታ ተሓልፎ ብብልሃት፣
ብድሆ ኢልካ ትስጉም ብትብዓት፣
ነቲ ነዊሕ ጉዕዞ ትኸዶ ብህዳት።
- ብማእከል ትስንጥቕ ዕርዲ ጸላእቲ፣
ኣብቲ ህልም ዝበለ ጸልማት ለይቲ፣
ጉዕዞ ተሰላስል ብዘይ ዕረፍቲ፣
ጉቡእካ ፈጺምካ ትፍለ ብመስዋእቲ።
- እወ ብርግጽ መርከብ ናይ ሰውራ፣
ነወሕ ትጎዓዝ ብዘይ ማይ እንጀራ፣
እንትርፎ ስራሕ ዘይትፎቱ ጃህራ፣
ንዓኻ ምርካቡ ዕድለኛዩ ህዝቢ ኤርትራ።
- ገመል መስዋእትኻ ሰሚዔ ብዙሕ ሓዚነ፣
መስርሕ ገድሊ ኮምኡ ምኧኑ ኣሚነ፣
ከም ሓርበኛ ባኻ ብዙሕ ተሓቢነ፣
ጾርካ ክስከም ኣልዒለዮ ደኒነ።
- ምሳኻ ዘሎና ዘይሃስስ ፍቕሪ፣
ጻማኻ ዝዝከር ዘለኣለም ነባሪ፣
ስምካ ሰፊሩ ኣብ ቤት መንግስቲ ብኽብሪ፣
ስለ ዝኾንካ ናይ ሰውራ ፈተውራሪ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰውኣትና፡
ዓወት ንሓፋሽ፡
ገብረንጉስ መስመር፡